ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ቤ/ጽሕፈት ዜና

ዕለት: / /

حزب النهضة الارترى

مكتب الاعلام

التاريخ: / /

**ኣቦ ወንበር ሰልፊ ኣልናህዳ ኣብ ኣሜሪካን ካናዳን ዕዉት ዑደት ድሕሪ ምክያዱ ናይ ኢውሮፓ ዑደቱ ጀሚሩ::**

ኣቦ ወንበር ሰልፊ ናህዳ ኣቶ ኑር ኢድሪስ ዝመርሖ ዑደት ኣብ ከተማታት ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን ተኻይዱ:: ብድሕሪ እቲ ብዕለት መጋቢት 31 2007 ኣብ ቦስቶን: ማሹሰትስ ዝተኻየደ ኣኼባ: ኣቦ ወንበር ሰልፊ ብናይ ወጻኢ ርክባት ጉዳይ ሓላፊ ኣቶ ኑረዲን ዓብደልቓድር ተሰንዩ ናብ ካናዳ ብምኻድ ኣብ ከተማ ቶሮንቶ ኣዝዩ ዕዉት ኣኼባ ከም ዘካየደ ተፈሊጡ::መርሕነት ሰልፊ ናብ ዋሽንግተን ዲሲ ክፍለ ግዝኣታት ቨርጂንያን ሚሬላንድ ድሕሪ ምሻፉን: ሚያዝያ 21 2007 ኣብ ኦሪንጅ ካዉንት: ካሊፎርንያ ብሓላፊ ስርርዕን ውዳበን ኣቶ ብርሃን ኑርሕሴን ኣበራ ተሰንዩ ኣኼባታቱ ብዓወት ዛዚሙ::ብምቕጻል ተሳተፍቲ ኣኼባ ብዝተሓተትዎ መሰረት ኣቶ ኑር ኢድሪስ ስፍሕ ዝበለ መግለጺ ብዛዕባ ኣመሰራርታን: ኣበይን: መዓስን: ንስለምንታይ ከምዝተመስረተን ህልው ኩነታት ሰልፊ ናህዳ ብዕምቆት ድሕሪ ምግላጹ ንህልው ኩነታትን እቲ ሰልፊ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን ንተሳተፍቲ ብዘዕግብ ኣገባብ ተንቲኑ ኣቕሪቡ:: ኣብ መብርህኡ ኣቶ ኑር እቲ ሰልፊ ንዝሓልፎም ዘሎ መድረኻዊ ምዕባለታትን ድሕሪ ምሕባር ንዝተመዝገቡ ዓወታት ምዕቃብን ሰልፊ ናህዳ ንዘሎዎ ሕጽረታትውን ፍታሕ ክናደየሉ ምኻኑ ሓቢሩ::

ኣብዚ ክካየድ ዝቐነየ ርክባት ኣቦ ወንበር ሰልፊ ካብ ተሳተፍቲ ንዝመጸ ሕቶታት ብክፉት ልቢን ብግሉጽን ድሕሪ ምምላሱ ንህልው ፖሎቲካዊ ምዕባለታት ሃገርና: ምስ ወጻኢ ጉዳያት ኣሜሪካ ብዛዕባ ዘካየዶ ዕውት ርክብን: ከምኡውን ብዛዕባ መጻኢ መደባት ሰልፊ ናህዳን ምሕያል ዓቕሚ ሰብን ምድልዳል ጨናፍር ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ናህዳን ኣገዳስነቱን ዘርዚሩ ድሕሪ ምቕራብ ንዝጽበየና ዘሎ ብድሆታት ብርእሰ ተኣማንነት ክንዋጽኦን: ብሓባር ምስ ካልኦት ተቓለስቲ ውድባት ንዝግበር ሓድነታዊ ስርሓት ብብቕዓት ንምግጣሙ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ኣገዳስነቱ ኣስሚርሉ ሓሊፉ::

ብተመሳሳሊ ዜና ሚያዝያ 6 2007 ኣብ ሮችስተር: ክፍለ ግዝኣት ኒው ዮርክ ኣብ ዝተኻየደ ርክብ ምስ ተወከልቲ ካልኦት ውድባት ኣቦ ወንበር ኑር ኢድሪስ ብሓው ኑረዲን ዓብዱልቓድር ተሰንዩ ተሳቲፉ: ኣብዚ ርክብ ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ዝኾነን ንሰልፉ ወኪሉ ብኣቦ ወንበርነት ኣብ ጉባኤ ኣዲስ ኣበባ ዝተሳተፈ ሓው

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ቤ/ጽሕፈት ዜና

ዕለት: / /

حزب النهضة الارترى

مكتب الاعلام

التاريخ: / /

ተስፋሚካኤል የውሃንስን ተወከልቲ ሰውራዊ ባይቶን: ግንባር ሃገራዊ ድሕነትን ተረኺቦም ምንባሮም ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ:: ኣቶ ኑር ብዛዕባ እቲ ካብ 19-23 የካቲት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ 2ይ ጉባኤ ኪዳን ኣመልኪቱ ሰልፊ ናህዳ ዝወሰዶ ሓላፍነታውን ብሱልን ስጉምቲ ድሒሩ ዝማዕበለ ተርእዮታትን ኣመልኪቱ ስፍሕ ዝበለ መግለጺ ሂቡ::

ኣብ ዝተኻየዱ ኣኼባታት ብዝሒ ተሳተፍቲ ክብ ዝበለ ከም ዝነበረን ብፍላይ ከኣ ሱታፌ ደቂ ኣንስትዩ እዝዩ ዝምኅስ ብምንባሩ ኣዝዩ ዘተባብዕ ተርእዮ ምኻኑ ተገሊጹ ::

ኣብ መፈጸምታ ተሳተፍቲ ኣብ ክፉት ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ድሕሪ ምእታዎም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ድሕሪ ምቕራቦም እቲ ዝግባእ መልሲ ከምዝተዋህቦምን ብመልስታቱ ከምዝዓገቡን ክፍለጥ ተኻኢሉ’ሎ::

መንፈስ ኣኼባ ኣዝዩ ምዕቡልን ዲሞክራስዊ ኣገባብ ዝሓዘን ምንባሩን ኣብ ትሕቲ ሰላም ዝመልኦ ሃዋሁ ናይ ሓባር መግለጺ ብምውጻእ: ኣብ ስደት ዝርከብ ህዝብና ኣብ ሃገርና ነጻነትን ዲሞክራስን ክሳብ ዝነግስ ቃልሶም ከምዝቕጽሉ ቃል ብምእታው ኣኼባታቶም ዛዚሞም::

ኣቦ ወንበር ሰልፊ ናህዳ ኣቶ ኑር ኢድሪስ ድሕሪ እቲ ዕውት ናይ ኣሜሪካን ካናዳን ዑደቱ ናብ ኤውሮፓ ብምምራሕ ኣብ ሃገራት እንግሊዝ: ስዊድን: ሆላንድ: ጀርመንን ናይ ስራሕ ዑደት ኣብ ምግባር ከምዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ::

ሰልፊ ናህዳ
ክፍሊ ሓበሬታ
ሳ.ቁ. 23622
ዋሽንግተን ዲሲ 20026-3622